## "ኾይነዮ ዘሎ'ኹ ግና ብጸጋ ኣምላኽ እዩ ኾይነዮ ዘለ'ኹ..."
(1ቆሮ 15 ፡ 10)

ሓዋርያ ጳውሎስ ቅድሚ ንክርስቶስ ምፍላጡ ዝነበሮ ራእይን ናብ ጐይታ ምስ ተመልሰ ዘርኣዮ ለውጥን ኣብ ግብረ ሓዋርያት 22 ፡ 3 - 21 የዘንትዎ እሞ፡ ዜመሓላልፎ መልእኽቲ ድማ፡ ኣምላ'ኽና መሐርን፡ በዓል ምሉእ ጸጋን፡ ንዝፀዓረ ዓስቢ ዝህብን ከምዝኾነ ኢዩ።

### 1. ምሕረት ኣምላኽ

ኣምላ'ኽና ንሙሴ *"ኣነ እግዚኣብሔር መሐርን ጸጋውን ኣምላኽ፡ ንኹራ ደንጓዪ ብዓል ዓቢይ ፍቕርን ሓቅን ኢየ" (ዘፀ 34 ፡ 6)፡* እናበለ መንነቱ ምሕረት ከምዝኾነ ይገልጸሉ።

ኣብ *መጽሓፍ ሲራክ* (2 ፡ 11) *"እግዚኣብሔር ሕያዋይን ምሕረት ዝመልኣን እዩ። ኃጢኣት ዚኃድግን ብመዓልቲ መከራና ዚሕልወናን ንሱ እዩ"* ይብል። ኣብ *መዝሙር ዳዊት* ከኣ *"እግዚኣብሔር ርሕሩሕን ቅኑዕን እዩ ኣምላኽና መሐሪ እዩ።"* (*መዝ* 116 ፡ 5)

*መዝሙር* 135 ሓደ ካብቲ ዝበለጸ *መዝሙር* ዚገብሮ። ሾነታት ሕይወትና በብምዕራፉ እናሕለፈ ክሳዕ እንደክም ን26 ጊዜ፡ "ምሕረቱ ንዘለዓለም ኢዩ" የድግመና። ክነመስግን እንከለና መሓሪ ም'ኳኑ ንንገረሉ፣ ሥራሕ ኣእዳዉ ክንምልከት እንከሎና (ሰማያት፡ ምድሪ፡ ፀሓይን ወርሕን ወዘተ.) መሓሪ ም'ኳኑ ንንገረሉ፤ ኣብ ታሪኽ ሕዝቢ ዝፈጸሞ ተኣምራት ክንምልከት እንከሎና፡ (ካብ ባርነት ግብጻውያን ዜውጽኦ፡ ናብ ምድሪ ናጽነት ንኬእትዎም ዝፈጸሞ ተኣምራት ...) ምሕረቱ ዘለዓለማዊ ም'ኳኑ ንንገረሉ፡ ኣብ መዓልታዊ ድኽመትና (ኣብ ውርደትና ዘከረና፡ ካብ ጸላእትና ኣናገፈና፡ ንፍጡራቱ ዚምግብ...) ምሕረቱ ይገልጸልና ከምዘሎ ይፈለጠና።

እግዚእትነ ማርያም እኖና ግን *"እቲ ምሕረት እግዚኣብሔር ኣብቶም ዝፈርሕዎ ንውሉድ ወለዶ ይነብር"* (ሉቃ 1፡ 50) እንዳበለት ዓቢ ትምህርቲ ትሕበና።

ሐዋርያ ጳውሎስ ንቲቶ ክጽሕፈሉ ከሎ *"ንሕና ብዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ዘይኮነስ ብምሕረቱ ማለት በቲ ኻልኣይ ልደት ዚህብ ምሕጻብን ብመንፈስ ቅዱስ ከምሕዳስን ኣድሐነና"* (ቲቶ3፡ 5)።

ቤተክርስትያን እውን ክትጽሊ እንከላ፡ ብጊዜ ጽጌ *"ወመኑ መሐሪ ዘከማከ። ምስለ ኖን ኪዳነ ኣአአቀምከ፣ ለደቂቀ እስራኤል መና ዘአውረድከ ወበጽጌያት ምድረ አሠርጎከ፣ ወስነ ገዳምኒ ምስለ ቅዱሳኒከ... ወመኑ ከሐሪ ዘከማከ፡ ወሾሎ ይሴፎ ኪያከ"* እናበለት ምሕረት እግዚኣብሔር ኣብ ታሪኽ ሕዝቢ እስራኤልን ከማኡ ኣብ ጊዜናን ኣብ ሕይወት ነፍስወከፍናን ከመይ ከምዝተገልጸ ትዝምር። ብጊዜ ኣስተምሕሮ ከኣ፡ *"ኢ.ተዘኪሮ አበሳ ዚአነ፡ ኢ.ጎደገነ ፍጹመ ንማስን፡ ጌር እግዚአብሔር ..."*። *"ጥዑም ኢዩ እግዚኣብሔር፡ ሓጢኣትና ተዘኪሩ ክንባላሸው ብፍጹም ኣይሓደገናን ..."* እናበለ ምእመናን ናብ ሓጢኣቶምን ሕምቀቶምን ዘይኮነስ፡ ናብ ምሕረት እግዚኣብሔር ኪጥምቱ የተባብዖም።

ኣብ ጊዜ ጾመ □ ድጓ፡ *"መሐረነ ንጉሠ ስብሐት፡ ተሣሃለነ እግዚአ ለሰንበት፡ ኣቡሃ ለምሕረት፡ ወሀበነ ጾመ ለንስሐ በዘይሠረይ ሐጢአት"* ንኢየሱስ ጐይታ ሰንበትን ኣቦ ምሕረትን ብምዃን ዕቤቱን ክብረቱን ኪገልጽ ከምዚመርጽ የረዳኣና።
ስለዚ ምሕረት እግዚኣብሔር ንወዲ ሰብ ክሳብ ኣብዚ ምድሪ ዘሎ ተስፋ ዚህቦን ጸገሙ ብምሉኡ ኪፈትሓሉ ከምዚኽእል ስለእትኣምን፡ ቤተክርስትያን ኣብ ዓመት ክልተ ፍሉይ ጊዜ፡ "ዘመነ አስተምሕሮ" ኢላ ትጽውዖ (ቀዳማይ ጊዜ ቅድሚ ልደት ካብ ቍስቋም ክሳብ ቀዳም ቅድሚ ሰንበት ዘስብከትን - 6 ኅዳር ክሳብ 7 ታኅሣሥ 1999 ዓ.ም. - ካልኣይ ጊዜ ድማ ድኅሪ ጰራቅሊጦስ ቅድሚ ክረምቲ ዘሎ ጊዜ - ንሎምዘመን 17 ክሳብ 25 ሰነ)። በዚ ሰሙናት ንሕና'ውን ጠባይ እግዚኣብሔውር ለቢስና፡ መተዓረቕቲ፡ መማለድቲ፡ መሓርቲ ክንከውን ትምዕደና። በዚ ጊዜ እዚ ካብ ሮሜ 5፡ 10 - 21 ክነንብብ ጥቕሲ ተወፊየልና፡ *"ጸላእቱ እንከሎና ምስ ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዓረቕና፣ ካብ ተዓረቕና ደኣ ብሕይወቱ ክንደይ ኣዚና ዘይንድኅን።"* ካብ 1 ዮሓ 2 ከኣ፡ *"ሓደ እኳ ኃጢኣት ዝገበረ እንተሎ ግና፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣቦ ዝማበቖልና፡ ማለት እቲ ጻድቕ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኣሎና። ንሱ ምእንቲ ኃጢኣትና በጃ ኮነ፡ ምእንቲ ኃጢኣት ምሉእ ዓለም ከኣ እምበር ምእንቲ ኃጢኣትና ጥራይ ኣይኮነን።"*

## 2. ጸጋ ኣምላኽ

ካልኣይ መንገዲ ኣምላኽ ንዓና ጽቡቕ ዚገብረና ብጸጋኡ ስለዚሽልመና ኢዩ። ጸጋ ማለት፡ ከም ዓስቢ ወይ ዋጋ ሓደ ውዑል ዘይኮነስ፡ "ብኸምኡ" ዚወሃብ በረኸት ኢዩ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን አምላኽ ብዛዕባኡ ክንፈልጦ ዚደልየና ጠባይ ኪገልጸልና እንከሎ፡ ንሱ በዓል ሙሉእ ጸጋ ከምዝኾነ ኣፍለጠና። *"አነ እግዚኣብሔር መሐርን ጸጋውን፡ ኣምላኽ ንዅራ ደንጓዪ፡ በዓል ዓቢይ ፍቕርን ሓቅን... ኢየ።"* (ዘፀ 34፡ 6) ኣብ ሓዲስ ኪዳን ድማ ከምኡ፡ *"ንሕና ኵላትና ኻብ ምልአቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ተቐበልና።"* *(ዮሐ 1፡ 16)* *"ንሕና'ውን ከምኣቶም ብጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ከም እንድኅን ኢና እንአምን።"* *(ግሐ 15፡ 11)*

ቤተክርስትያን ክትጽሊ እንከላ ከኣ፡ *"ቀዳሜ ጸጋ ኢየሱስ ክርስቶስ ኀይሉ ወጥበቡ ለአቡሁ እስመ ኣንተ ውእቱ በግዑ ለእግዚአብሔር ዘየአትት ሐጢአተ ዐለም፡ ተሣሃለነ ..."* እናበለት ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ከም በጊዕ እግዚኣብሔር ኰይኑ ምስ መጸ ብፍታዉ ንሞት ኣብ መስቀል ስለዝተወፈየ እቲ ዝዓበየን ዝበለጸን ህያብ እግዚአብሔር ምዃኑ ትነግረና።

ጸጋ እግዚኣብሔር ድማ ንድኅነት ነፍስናን ንዕቤት መንፈሳውነትናን ኪጠቅምን ንኣገልግሎት ኣኅዋትና ዜብቅዓናን ዚጠቅም ኢዩ እሞ፡ ነዚ ሣልሳይ ዓይነት ጸጋ መንፈሳዊ ውህበታት ኢልና ንጽውዖ እሞ፡ ፈሊና ክነጽንዖ እፈቱ።

## 3. መንፈሳዊ ውህበታት፡

ኢየሱስ ነታ ኣብ ዒላ ሲከም ዝጸንሐቶ ሳምራዊት፡ *“ህያብ ኣምላኽን እቲ ኣስትይኒ ዚብለኪ ዘሎ መን ምዃኑን እንተትፈልጥስ ንስኺ ምለመንክዮ ኔርኪ ንሱ ኸኣ ማይ ሕይወት ምሃበኪ ነይሩ”* (ዮሓ 4 ፡ 10) ኢሉ ኬዛርባ እንከሎ፡ ሓንሳብ-ሓንሳብ ልክዕ ከምዚኣ ሰበይቲ ህያብ ኣምላኽ እንታይ ከምዝኾነ ስለዘይፈልጥ ከምታ ሰበይቲ በረኸት ኣብ ቅድሜና እንከሎ ከም ጽሟትን ጥሙያትን ንመላለስ ንኸውን። ከምቶም ንጳውሎስ ዘጋጠምዎ ሰብ ኤፌሶን (ግ.ሓ19)፡ ህያብ ኣምላኽ ከምዘሎ እኳ እንተሰማዕና ኣብ ጊዜናን ኣብ ሕይወትናን ኪሠርሕ ስለዘይረኣናዮ ከየስተማቐርናዮን ሀረር ከይበልናዮን ኪሐልፈና ይኽእል። ሓንሳብ-ሓንሳብ ህያብ ኣምላኽ ንክንረክብ ብምንታይ መንገዲ ከምንቐርብ እውን ይጠፍኣና። ሓዋርያ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ኪጽሕፍ ከሎ *“ሕጂ ኸኣ ኣኃዋተይ ብዛዕባ መንፈሳዊ ውህበት ብዘይ ፍልጠት ክትኾኑ ኣይፈቱን እየ” (1 ቆሮ 12፡ 13. 14)* ይብሎም እሞ፡ ንሕና'ውን ብዛዕባ ውህበት ኣምላኽ ዚኣክል ፍልጠት ከየሕደርና ክንተርፍ ኣምላኽ ከምዘይፈቱ ክነረጋግጽ ንኽእል። ኣቐዲምና ከኣ ፍልልይ ኣብ ሞንጎ ህያብን ጸጋን ኪርዳኣና የድሊ። ክልቲኡ እግዚኣብሔር ብፍታዉ እምበር ንሕና ስለዝጸዓርናሉ ዚልግሰልና ህያብ ኢዩ፡ ጸጋ ግን ንጥቕሚ መንፈሳዊ ዕቤትናን ጽድቅናን ኪኸውን እንከሎ፡ ውህበት ግን ንመንፈሳዊ ኣገልግሎት ዜዕትቐና "ክእለት" ኢዩ ክንብል ንኽእል። ምልላይ መናፍስቲ፡ ቃል ኣምላኽ ብክእለትን ኃይልን ምትሕልላፍ፡ ፈውሲ ዜምጽእን ንርኹሳት መናፍስቲ ዜባርርን ሥልጣን ዘለዎ ጸሎት፡ ብቛንቋታት ምጽላይ፡ መልእኽቲ ኣምላኽ ምቕባልን ምትሕልላፍን ካብቲ ጳውሎስ ዚዚርዝሮ ሓድሓደ ህያባት መንፈስ ቅዱስ ኢዩ።

### *መንፈሳዊ ውህበት ንክንረክብ ዝሕግዙና*

*ጽምኣት* *“ዝጸምአ ኸኣ ይምጻእ፥ ዝደለየው'ን ማይ ሕይወት ብኸምኡ ይውሰድ”* (ራእ 21፡ 17)

*ትሕትና* *“ኣምላኽ ንዕቡያት ይፃረሮም ንትሑታት ግና ፀጋ ይህቦም”* (ያዕ 4 ፡ 6)

*ቅዳሴ፥* ኵሉ ጊዜ ንዘለዓለም ዓለም ኣባኻ ሕይወት ምእንቲ ክንረክብ - ብመንፈስ ቅዱስ ከም እንኃብር ግበረና፤ ብናይ ወድኻ ምሥዋዕቲ ፈውሰና፤ ስም እግዚኣብሔር ይመስገን፤ ብስም እግዚኣብሔር ዚመጽእ'ውን ይመስገን፣ ክቡር ስሙ ይባረኽ፣ ይኹን! ይኹን! ቡሩኽ ይኹን፣ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ናብ ርእስና ስደደልና።

## 4. ዓስቢ

ኣብ ርእሲ እቲ ብፍታዉ ዚገብረልና ሰናያት፡ እግዚኣብሔር ኅያዋይ ስለዝኾነ፡ ነቲ ንክንገብሮ ኣብ ልብና ዜሕደሮ ድላይን ሓረርታን፡ ክንፍጽሞ እንከሎናን ዘደገፈና ጸጋኡን፡ ምስ ገበርናዮ ዓስቢ ወይ ውዕለት ኪህበና እውን ደስ ይብሎ። *"ብስመይ ንሓደ ሕጻን ዝገበርክሙሉ ኵሉ፡ ክንዲ ብርጭቆ ማይ ምስታይ እውን ይኹን፡ ብዘይ ዓስቡ ከምዘይተርፍ አረጋግጸኩም ኣለኹ።" “ብዘይ እምነት ግና ንአምላኽ ኬሥምርዎ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ናብ ኣምላኽ ዚመጽእ ኵሉ*

ኣምላኽ ከም ዘሎን ነቶም ዜናድይዎ ከኣ ዓስቢ ኸም ዚህቦምን ኪኣምን ይግብኦ" (ዕብ.11 ፡ 6)። ናይ ኣምላኽ ዓስቢ ድማ ክንዲቲ ንሕና ዝገበርናዮ ዚመዛዘን ዘይኮነስ ምስ ዕቤቱን ልግሱን ዚመዛዘን ኢዩ፡ "ኣብ ውሑድ እሙን ኰንካ ኢኻ እሞ፡ ኣብ ሓጐስ ጐይታኻ እቶ።" (ማቴ 25፡ 21 ርአ)። "ንሕና ግና ከምቲ ተስፋኡ ጽድቂ ዝነበረሉ ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ንጽበ ኣሎና።" (2 ጴጥ 3 ፡ 13) ሓዋርያ ጳውሎስ ንሮሜ (8፡ 18) ብዛዕባ ኣብዚ ምድሪ ዝረኸቦ ስቓይ ምስ ገለጸሎም "ስቓይ እዚ ዘመንዚ ምስቲ ኣባና ኺግለጽ ዚመጽእ ኽብሪ ኸም ዘይመዓራረ እኣምን እየ።" "ደጊም እቲ ቐኑዕ ፈራዲ ዝኾነ ጐይታ በታ መዓልቲ እቲኣ ዚህበኒ እኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ። እዚ ግና ነቶም ንምግላጹ ሃረር ዚብሉ ኹላቶም ድማ እዩ እምበር ንአይ ጥራይ ኣይኮነን።" (2 ጢሞ 4 ፡ 8) ይብል።

## ጸሎት

*"እምበኣር ምሕረት ምእንቲ ክንቅበል፥ ብጊዜ ጸባባውን ንሬዲኤትና ዚኸውን ጸጋ ኽንረክብ ብትብዓት ናብቲ ጸጋ እንረኽበሉ ዝፋን ኣምላኽ ንቕረብ።"* (ዕብ 4፡ 16)

> *ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ምሕረትካ ኣባና ኣብዝኃዮ። መጠን ምሕረትካ እምበር መጠን ኃጢያትና ኣይትኺደና! ፍርሓትካ ኣብ ውሽጥና ኣሕድረልና። ነቲ ወሰን ዘይብሉ ፀጋታትካ ኣባና ኣብዝኃዮ፡ ብትሕትና ርእስና እንዳዋረድና ናብቲ ዙፋንኻ ቐሪብና መንፈሳዊ ውህበት ክትህበና ንልምነካ ኣለና። ብቅዱስ መንፈስካ ሐድሰና። ካብ ሞንጎና ሐዋሪያት፣ ነቢያት፣ መምህራን፣ ተኣምር ዚገብር፣ ዚፍውሱ፣ ዜማኃድሩ፣ በብዓይነቱ ቛንቋታት ዚዛረቡ ኣተንሥኣልና። ነዓኻ ክንጸበ ኵሉ ጊዜ ነቒሕና ክንጸንሕ ኣዳልወና። ኣብዚ ምድራዊ ሕይወትና ንዅሉ ፈተናን መከራን ስቃይን ጻዕርን ሲዒርና ዓወት ክትህበና ንልምነካ ኣሎና። ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ "እቲ ኽይነዮ ዘለኹ ግና ብጸጋ ኣምላኽ እየ ኽይነዮ ዘለኹ።" እንዳበልና ምእንቲ ክንምስክረልካ ነቲ ዝሓሰብካልና ዓስቢ ኣብቅዓና። ኣሜን።*